# ናብ ሓደ ናይ ግምገማ ዝርርብ ብደሓን ምጻእ!

ንሕና ናትካ መማህራን ነቲ ትምህርቲ ብዝተኻእለ መጠን ብጽቡቕ ንዓኻ ከም ዝሰማማዕ ጌርና መደብ ከነውጽኣሉ ክንክእል ደሊና ኣሎና። ስለዚ፡ ንናይ ምንባብን ምጽሓፍን ንዝምልከት ዘሎካ ተመኩሮታትን ድልየታትን ብዝያዳ ክንፈልጥ ደሊና ኣሎና።ንሕና ነዚ ሓደ ግምገማ (en kartläggning) ኢልና ንጽውዖ።

## ነቲ ግምገማ ብኸመይ ኢና ንገብሮ?

እቲ ግምገማ ኣብ መንጎኻን ሓደ መምህርን ብዝግበር ዝርርብ ዝቈመን ኣብኡ ምስታፍ ድማ ብድልየትን እዩ። እቲ ዝርርብ ብቋንቋኻ ኾይኑ ምሳና ሓደ ዘተርጉም ሰብ ክህልወና እዩ።.

## ትሕዝቶ ናይዚ ግምገማ እንታይ ክኸውን እዩ?

ቅድሚ ሕጂ ብቋንቋኻ ንኣብነት ኣብ ገዛ ወይ ስራሕ ወይ ምናልባት ኣብ ቤት ትምህርቲ እንተን ከምኡ ትገብር እንተ ኔርካ ብዛዕባ እንታይ ተንብብን ትጽሕፍን ከም ዝነበርካ ክንፈልጥ ኣዚና ምደለና። ኵሎም ከምዚኦም ዓይነት ተሞኩሮታት፡ ብሓደ ሓድሽ ቋንቋ ከተንብብን ክትጽሕፍን ክትምሃር ከሎኻ ጠቐምቲ እዮም። መብዛሕትኡ ቅድሚ ናብ ሽወደን ምምጻእካ ዝነበረ ግዜ ኢና ክንዘራረብ። ግን ብዛዕባ ብሽወደንኛ ምንባብን ምጽሓፍን ንዝምልከት እንታይ ክትክእል ከም ትደሊ እውን ክንዛረብ ኢና።

ብቋንቋኻ ከተንብብን ክትጽሕፍን ትኽእል እንተ ኼንካ፡ ምናልባት ሓደ ሓደ ጽሑፋት ከተንብብን ብዛዕብኦም ንሓደ ሓደ ሕቶታት መልሲ ክትህበሎምን ኢኻ። ድሕሪኡ ንስኻን እቲ መምህርን ብዛዕባ እቲ ጽሑፍ ክትዘራረቡ ኢኹም።

## ሕድሪ እቲ ግምገማ እንታይ እዩ ክግበር?

እቲ ግምገማ ምስ ተገብረ፡ መማህራንካ ብዛዕባ እቲ ዝተዘራረብናሉ ሓበሬታ ክወሃቦም እዩ። እዚ ነቶም መማህራን ነቲ ናትካ ትምህርቲ ክውጥንዎ የቕልለሎም እዩ።